ኣገዳሲ ሓበሬታ ብዛዕባ

# ናይ 7ይ ክፍሊ ክታበት

ወሊንግቶን- ዱፈሪን ጋልፍ
ጥዕናኹም ይተሓሎ

ዝኸበርኩም ወለዲ ወይ ዋሕስ

ወሊንግቶን- ዱፈሪን-ጋልፍ ህዝባዊ ጥዕና፡ ንሕጂን ንመጻኢን ዝከላኸሉሎም ኣገደስቲ ሰለስተ ክታበታት ብነጻ ንምሃብ ናብ ናይ ውሉድኩም ቤት ትምህርቲ ክኸዱ እዮም። ናይ ህዝባዊ ጥዕና ነርስታት ናብዚ ዝስዕብ ቦታ በዚ ዝስዕብ ዕለት ክመጹ እዮም፡

## [SCHOOL NAME] ብ [DATE]

እዚኦም ክታበታት ውሑሳትን ውጺኢታውያንን እዮም፡ ከበድቲ ካብ ዝኾኑ ሕማማት ከኣ ይከላኸሉ። ናይ ውሉድኩምን ናይ ሕብረተሰብን ጥዕና ንምሕላው ክታበት ንምውሳድ ፍቓድኩም ክትህቡ ኣጥቢቐ ይላበወኩም።.

## እቶም ዝወሃቡ ክታበታት

### 1 መኒንጎኮካል

ክታበት መኒንጎኮካል ኮንጁጌት-ኤሲዋይዳብሊው ካብ ሕማም ኣንቅጺ ይከላከል። እዚ ሕማም ን ሓንጎልን ዓንዲ ሕቖን ዝጸሉ ከቢድ ረኽሲ እዩ። እዚ ብቐሊሉ ይላባዕ ን ሂወት ውን ኣስጋኢ እዩ።

እዚ ክታበት ካብ ኣርባዕተ ልሙዳት ዓይነታት ኤ፡ ሲ፡ ዋይ ከሙኡ ውን ዳብሊው 135 ይከላኸል።

### 2 'ቢ' ዝዓይነቱ ሕማም ወይቦ

እዚ ክታበት፡ ብ 'ቢ' ዝዓይነቱ ናይ ሕማም ወይቦ ቫይረስ ዝመጽእ ናይ ጸላም ከብዲ መንሽሮን ናይ ጸላም ከብዲ ሕማማትን ይከላኸል።

እዚ ክታበት እዚ መብዛሕቱኡ ግዜ ን መገሻ፡ ንናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲን ገለ ስራሓትን ኣድላይ እዩ።

### 3 ኤችፒቪ

ክታበት ኤችፒቪ-9 ካብ ናይ ርእሲ፡ ናይ ክሳድን ናይ ብልዕቲን መንሽሮ ከሙኡ ውን ናይ ብልዕቲ ጡብ ኣድጊ ይከላኸል።

እዚ ካብ ትሽዓተ ልሙዳት ዓይነታት ናይ ሁማን ፓፒሎማ ቫይረስ ይከላኸል። ብዙሓት ሰባት ኣብ ገለ ክፋል ናይ ሂወቶም ምስ ሁማን ፓፒሎማ ቫይረስ ምትንኻፋት ይህልዎም።

## እንታይ ክትገብሩ የድሊ

ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ነቲ ብ ኦንላይን ዝምላእ ናይ ፍቓድ ቅጥዒ ናይ ውላድኩም ምልእዎ። እዚ ነቶም ናይ ህዝባዊ ጥዕና ነርስ፡ ውሉድኩም ነቶም ክታበታት ክወስዱ ይኽእሉ ምኳኖም የፍልጦም።

ውሉድኩም ቅድሚ ሕጂ ገለ ካብቶም ክታበት ወሲዶም ተኾይኖም ኣብቲ ቅጥዒ ጽሓፍዎ።

**ፍቓደይ ክህብ ድሉው እየ**

## ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ብናይ ባዕልኹም ቋንቋ

ብዛዕባ ነፍስ ወከፍ ክታበት ንምፍላጥ ነዞም ኣብ ታሕቲ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝተጻሕፉ ናይ ሓበሬታ ገጻት ተዓዘቡ።

- ኢንግሊዘኛ
- ፈረንሳይኛ
- ኣምሓርኛ
- عربي (ዓረብ)
- دری (ዳሪ)
- हिन्दी (ህንዲ)
- नेपाली (ኔፓሊ)
- español (ስጳኛ)
- ታታሎግ
- ትግርኛ
- TiếngViệt (ቬትናሜዝ)

ነቲ ናይ ፍቃድ ቅጥዒ ኣብ ምምላእ ሓገዝ ምስእትደልዩ ወይ ዝኾነ ሕቶ ምስዝህልወኩም፡ በዚኣ ቁጽሪ ደውሉ 1-800-265-7293 ተወሳኺ ቁጽሪ 7006 በዚ እንተደዊልኩም ምስ ናይ ህዝባዊ ጥዕና ነርስ ክትዘራረቡ ትኽእሉ፡ ወይ ከኣ በዚ እተዉ wdgpublichealth.ca/immunizegr7.

ተመሃሮናን ሕብረተሰብናን ጥዕናኦም ዝተሓለወ ንክኾውን ስለዝሓገዝኩምና ነመስግን።

ኣኽበርትኹም,



**ዶ/ር. ማቲው ተነንባኦም፡ ሓኪም፡ ሲሲኤፍፒ፡ ኤምፒኤች፡ ኤፍኣርሲፒሲ**

**ተሓጋጋዚ ናይ ሕክምና ቢሮ ጥዕና ሓላፊ**

---

## ክታበት ኣብ ዝውሃበሉ መዓልቲ ውሉድኩም ምቹእነት ንክስምዖም ምሕጋዝ

ህዝባዊ ጥዕና፡ ናይ ውሉድኩም ናይ ክታበት ምውሳድ ተሞኩሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣወንታዊ ክኸውን እዩ ዝደሊ። ንምድላው፡ ቅድመን ድሕረን ናይ ክታበት መዓልቲ ምስ ውላድኩም እንታይ ንጽበ ዝብል ርኣይዎ።

ከሙኡ ውን ምጥቃም ናይ ካርድ ሲስተም ኣብ ግምት ብምእታው ንሶም ህዳኣት፡ ርእሰተኣማንነት፡ ከሙኡ ውን ዝተሓተ ፍርሒ ንክህልዎም ክትሕግዝዎም ትኽእሉ።

ብዛዕባ ናይ ካርድ ሲስተም ኣፍልጦ ንክህልወኩም ኣብዚ እተዉ CARD system **ከሙኡ ውን ብዛዕባ** ካርድ ቸክሊስት.

ናይ Card [ካርድ] ትርጉም ነዚ ይመስል፡

**C** **Comfort [ምቹእነት]** – ዝፈትውዎ መጻወቲ ሒዝካ ምምጻእ፡ ምቹእ ጎልፎ ምኽዳን፡ ጠዓሞት ኣቐዲምካ ምውሳድ

**A** **Ask [ምሕታት]** – ንውሉድኩም ብዛዕባ እቲ ዘጋጥም ነገራት ንክሓቱ ምብርትታዕ

**R** **Relax [ምርግጋእ]** – ኣዕሙቕካ ናይ ምስትንፋስን ዘህዱኡ ሓሳባትን ልምምድ ምግባር

**D** **Distract [ኣተኩሮ ምውሳድ]** – መሳርሒ ብምጥቃም፡ ብምንባብ፡ ወይ ምስ መሓዙት ብምዕላል ኣ ተኩሮኦም ኣብኡ ከይከውን ምእላይ

# ክታበት ኤችፒቪ
## ካብ መንሸሮ ይከላኸል

ክታበት ኤችፒቪ-9 ንኹሎም ተመሃሮ ናይ ኩሉ ጾታ ካብ ክሊ ዕድመ 12 ክሳብ 13 ዘለዉ ክወሃብ እዩ። ኣብ ንኡስ ዕድመ፡ ቅድሚ ተቓላዕነትን ናይ ምክልኻል ብቕዓት ኣብ ዝሓየለሉ ግዜን ክወሃብ እንከሎ ዝበለጸ ውጺኢት ኣለዎ። እቲ ክታበት ንኹሎም ተመሃሮ ክሳብ መወዳእታ 12 ክፍሉ ዘለዉ ብነጻ ይወሃብ።

## ናይዚ ክታበት ስራሕ እንታይ እዩ?

ዝበዝሑ ሰባት ኣብ ሂወቶም ምስ ሁማን ፓፒሎማ ቫይረስ (ኤችፒቪ) ምትንኻፋት ይህልዎም። ክታበት ኤችፒቪ ካብ 9 ልሙዳት ልዑል ሳዕቤን ዘለዎም ዓይነታት ኤችፒቪ ይከላኸል። በዚኦም ዓይነታት ቫይረስ ክመጽእ ዝኽእል ሳዕቤን:

- ናይ ርእሲን ክሳድን መንሸሮ
- ናይ ክሳድ ማህጸንን ብልዕቲ ጓል ኣንስተይትን መንሸሮ
- ናይ መሃንቱስ መንሸሮ
- ናይ ፍረነብሲ መንሸሮ
- ናይ ብልዕቲ ጡብ ኣድጊ

### 3 ኣብ ቤት ትምህርቲ ናይ ኤችፒቪ ክታበት እንወስደሎም ምኽንያታት

**ይሰርሕ እዩ!**

ምሉእ ናይ ኤችፒቪ ተኸታታሊ ክታበት ካብዞም ዝስዕቡ ይከላኸል:
- ልዕሊ 90% ናይ ክሳድ ማህጸን መንሸሮን ናይ ብልዕቲ ጡብ ኣድጊን
- ዝበዝሕ ናይ መሃንቱስ፡ ናይ ብልዕቲ፡ ናይ ደጋዊ ክፋል ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ፡ ናይ ፍረነብሲ፡ ናይ ኣፍን ጎሮሮን መንሸሮ

**ውሑስ እዩ!**

ኣብ ዓለም ዝርከቡ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ሰባት ብውሑስ መንገዲ ናይ ኤችፒቪ ክታበት ወሲዶም። ጎናዊ ሳዕቤናት ዝበዝሕ ግዜ ቅልል ዝበለ እዩ፡ እቲ ናቱ ውሕስነት ከኣ ቀጻሊ እዩ ክትትል ዝግበረሉ።

**ቀሊል እዩ!**

ነርስ ናይ ኤችፒቪ ክታበት ንምሃብ ናብ ናይ ውላድኩም ቤት ትምህርቲ ክመጹ እዮም—ቆጸራ ምትሓዝ ይኹን ዕረፍቲ ምውሳድ ኣየድልን። ብቐሊሉ ነቲ ናይ ፍቓድ ቅጥዒ ጥራይ ምልእዎ።

## ናይ ክታበት ኤችፒቪ ጥቕምታት



1. ኣንጻር መንሸሮ ይከላኸል
2. ቅድሚ ተቓላዕነት እንተተዋሂቡ ዝበለጸ ይሰርሕ
3. ክሳብ መወዳእታ 12 ክፍሊ ብነጻ እዩ
4. ናይ ብልዕቲ ጡብ ኣድጊ ይከላኸል
5. ንነዊሕ ግዜ ይከላኸል
6. ውሑስን ጽቡቕ መጽናዕቲ ዝተኻየደሉን እዩ

### ናይ ፍቓድ ቅጥዒ ንምምላእ ድሉዋት ዲኹም?

ናይዛ ኪው ኣር ኮድ ምስሊ ውሰዱ ወይ ከኣ ናብዚኣ እተዉ:
wdgpublichealth.ca/Gr7Consent

ናይዚ ምስሊ ውሰዱ

### ሕቶታት ምስዝህልወኩም?

**1-800-265-7293 ተወሳኺ ቁጽሪ. 7006**
wdgpublichealth.ca/HPVfacts

PublicHealth
WELLINGTON-DUFFERIN-GUELPH
Stay Well.

# ክታበት ናይ ቢ ዝዓይነቱ ሕማም ወይቦ

## ካብ ናይ ጸላም ከብዲ ረኽሲታት ይከላኸል

PublicHealth WELLINGTON-DUFFERIN-GUELPH Stay Well.

ክታበት ናይ ቢ ዝዓይነቱ ሕማም ወይቦ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንኩሎም ተመሃሮ ናይ ኩሉ ጾታ፡ ካብ ክሊ ዕድመ 12-13 ክወሃብ እዩ። ኣብ ንኡስ ዕድመ፡ ቅድሚ ተቓላዕነትን ናይ ምክልኻል ብቕዓት ኣብ ዝሓየለሉ ግዜን ክወሃብ እንከሎ ዝበለጸ ውጺኢት ኣለዎ። እቲ ክታበት ንኩሎም ተመሃሮ ክሳብ መወዳእታ 12 ክፍሉ ዘለዉ ብነጻ ይወሃብ።

## ናይዚ ክታበት ስራሕ እንታይ እዩ?

ክታበት ቢ ዝዓይነቱ ሕማም ወይቦ ካብ ናይ ጸላም ከብዲ መጉዳእቲ፡ ናይ ጸላም ከብዲ መንሸሮ ከሙኡ ውን ሞት ከስዕብ ካብ ዝኽእል ቢ ዝዓይነቱ ናይ ሕማም ወይቦ ቫይረስ ይከላኸል።ቢ ዝዓይነቱ ሕማም ወይቦ እቲ ቀንዲ ጠንቂ ናይ ጸላም ከብዲ መንሸሮ ኣብ ካናዳ እዩ።

### 3 ኣብ ቤት ትምህርቲ ናይ ቢ ዝዓይነቱ ሕማም ወይቦ ክታበት እንወስደሎም ምኽንያታት

**ይሰርሕ እዩ!**

1 ካብ 10 ብ ቢ ዝዓይነቱ ሕማም ወይቦ ዝተለኽፉ ሰባት ንሙሉእ ሂወቱ ይስከሞ።ክታበት ምውሳድ እቲ ዝበለጸ ናይ መጻኢ ናይ ጥዕና ሳዕቤናት ነወግደሉ መንገዲ እዩ።በቲ ዝምከር ብዝሕን ዓቐንን እንተተዋሂቡ፡ ክታበት ቢ ዝዓይነቱ ሕማም ወይቦ ኣዝዩ ውጺኢታዊ እዩ፡ 98% ካብ ሰባት ከኣ ይከላኸለሎም።

**ውሑስ እዩ!**

ክታበት ቢ ዝዓይነቱ ሕማም ወይቦ ብጥንቁቕ መንገዲ ተመርሚሩን እቲ ናቱ ውሕስነት ከኣ ቀጻሊ ክትትል ተጌሩሉን እዩ። ክስዕብ ዝኽእል ቁጥዐ ቅልል ዝበለ እዩ። ውሉድኩም ሕማም ወይቦ ካብ ዝሓምሙ ነቲ ክታበት ምስ ዝወስዱ ውሑስ ይኾነሎም።

**ቀሊል እዩ!**

ነርስ ናይ ቢ ዝዓይነቱ ሕማም ወይቦ ክታበት ንምሃብ ናብ ናይ ውሉድኩም ቤት ትምህርቲ ክመጹ እዮም።—ቆጸራ ምሓዝ ይኹን ዕረፍቲ ምውሳድ ኣየድልን። ብቐሊሉ ነቲ ናይ ፍቓድ ቅጥዒ ጥራይ ምልእዎ።



### ጥቕምታት ክታበት ናይ ቢ ዝዓይነቱ ሕማም ወይቦ

1. ካብ ናይ ጸላም ከብዲ ሕማማትን ናይ ጸላም ከብዲ መንሸሮን ይከላኸል
2. ቅድሚ ተቓላዕነት እንተተዋሂቡ ዝበለጸ ይሰርሕ
3. ክሳብ መወዳእታ 12 ክፍሊ ብነጻ እዩ
4. ንነዊህ ግዜ ይከላኸል
5. ውሑስን ጽቡቕ መጽናዕቲ ዝተኻየደሉን እዩ

### ናይ ፍቓድ ቅጥዒ ንምምላእ ድሉዋት ዲኹም?

ናይዛ ኪው ኣር ኮድ ምስሊ ውሰዱ ወይ ከኣ ናብዚ እተዉ
wdgpublichealth.ca/Gr7Consent

ናይዚ ምስሊ ውሰዱ

### ሕቶታት ምስዝህልወኩም

1-800-265-7293 ተወሳኺ ቁጽሪ. 7006
wdgpublichealth.ca/HepBfacts

# ክታበት መኒንጎኮካል ኮንጁጌት-ኤሲዋይዳብሊው

## ካብ ሕማማት መኒንጎኮካል ይከላኸል

PublicHealth WELLINGTON-DUFFERIN-GUELPH *Stay Well.*

ክታበት መኒንጎኮካል ኮንጁጌት-ኤሲዋይዳብሊው ኣብ ቤት ትምህርቲ ንኩሎም ተመሃሮ ናይ ኩሉ ጾታ፡ ካብ ክሊ ዕድመ 12-13 ክወሃብ እዩ። ኣብ ንኡስ ዕድመ፡ ቅድሚ ተቓላዕነትን ናይ ምክልኻል ብቕዓት ኣብ ዝሓየለሉ ግዜን ክወሃብ እንከሎ ዝበለጸ ውጺኢት ኣለዎ። እቲ ክታበት ንኩሎም ተመሃሮ ክሳብ መወዳእታ 12 ክፍሉ ዘለዉ ብነጻ ይወሃብ።

## እዚ ክታበት እንታይ ይሰርሕ?

ክታበት መኒንጎኮካል ኮንጁጌት-ኤሲዋይዳብሊው ንውሉድኩም ካብ ሕማማት መኒንጎኮካል ይከላኸለሎም። እዚ ሕማም ንሂወት ዘስግእ ናይ ባክተርያ ረኽሲ ኮይኑ ምጽማም፡ ምንፍርፋር፡ ናይ ሓንጎል መጉዳእቲ፡ ናይ መሓውር ስንክልና ከሙኡ ውን ሞት ከስዕብ ይኽእል።

## 3 ኣብ ቤት ትምህርቲ ነዚ ክታበት እንወስደሉም ምኽንያታት

**ይሰርሕ እዩ!**

ክታበት መኒንጎኮካል ኮንጁጌት- ኤሲዋይዳብሊው ኣብ ምክልኻል ሕማማት መኒንጎኮካል ካብ 80-85% ውጺኢታውነት ኣለዎ። እቲ ረኽሲ ብቐሊሉ ብ ሰዓል፡ ምህንጣስ፡ ወይ ብሓደ ብምምጋብን ምስታይን ክመሓላለፍ ይኽእል። 1 ካብ 100 ካብቶም በዚ ሕማም ዝተለኽፉ ሰባት ብሂወት ኣይቅጽሉን።

**ውሑስ እዩ!**

እቲ ክታበት ብጥንቃቐ እዩ ተመርሚሩ ከሙኡውን ውሕስነቱ ቀጻሊ እዩ ክትትል ዝግበረሉ። ቡኡኡ ክመጽእ ዝኽእል ቁጥዐ ቅልል ዝበለ እዩ። ውሉድኩም ካብ ብሕማም መኒንጎኮካል ካብ ዝጥቃዑ ነቲ ክታበት ምስዝወስዱ ውሕስነቶም ብዝበለጸ ይሕሎ።

**ቀሊል እዩ!**

ነርስ ክታበት መኒንጎኮካል ኮንጁጌት-ኤሲዋይዳብሊው ንምሃብ ናብ ናይ ውሉድኩም ቤት ትምህርቲ ክመጹ እዮም።—ቆጸራ ምትሓዝ ይኹን ዕረፍቲ ምውሳድ ኣየድልን። ብቐሊሉ ነታ ናይ ፍቓድ ቅጥዒ ጥራይ ምልእዎ።

## ናይ ክታበት መኒንጎኮካል ጥቕምታት

1. ካብ ኣዝዩ ሓደገኛ ዝኾነ ረኽሲ ይከላኸል
2. ቅድሚ ተቓላዕነት እንተተዋሂቡ ዝበለጸ ይሰርሕ
3. ክሳብ መወዳእታ 12 ክፍሊ ብነጻ እዩ
4. ንነዊሕ ግዜ ይከላኸል
5. ውሑስን ጽቡቕ መጽናዕቲ ዝተኻየደሉን እዩ



## ናይ ፍቓድ ቅጥዒ ንምምላእ ድሉዋት ዲኹም?

ናይዛ ኪው ኣር ኮድ ምስሊ ውሰዱ ወይ ናብዚ እተዉ
wdgpublichealth.ca/Gr7Consent

## ሕቶታት ምስዝህልወኩም

**1-800-265-7293 ተወሳኺ ቁጽሪ 7006**
wdgpublichealth.ca/MenCfacts

ናይዚ ምስሊ ውሰዱ